IQ Netzwerk
Integration durch Qualifizierung

FAIRE INTEGRATION

# Ihre Rechte in der Leiharbeit – Die wichtigsten Infos zur Orientierung

Tigrinya

# መሰልኩም ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ (Leiharbeit) - ኣንፈት ዝህቡ ኣገደስቲ ሓበሬታት

# Einleitung

**Leiharbeit ist eine besondere Form der Beschäftigung, die in Deutschland in ihrer modernen Form seit den 1960er-Jahren existiert. Seit 1972 ist sie im Arbeitnehmerüberlassungsgesetz gesetzlich geregelt. Seitdem wurden die gesetzlichen Rahmenbedingungen oftmals verändert. Grundsätzlich war Leiharbeit dazu da, Unternehmen die Möglichkeit zu geben, flexibel und schnell auf einen temporären Bedarf an Arbeitskräften zu reagieren. Mittlerweile wird diese Form der Beschäftigung allerdings auch unabhängig davon eingesetzt. Die Zahlen der Leiharbeitnehmenden steigen.**

Immer mehr Geflüchtete haben Zugang zum deutschen Arbeitsmarkt und finden vor allem in der Leiharbeit einen Job. Abgesehen von den allgemeinen Voraussetzungen, um in Deutschland Arbeit aufzunehmen, können Personen mit Aufenthaltsgestattung oder Duldung seit 2016 auch in der Leiharbeit tätig werden. Das war vorher nicht möglich.

Aus der Beratungspraxis wissen wir, dass es in der Leiharbeit häufiger zu unsicheren Beschäftigungsverhältnissen und prekären Arbeitsbedingungen kommt. Mit dieser Broschüre möchten wir Ihnen grundlegende Informationen zum Thema Leiharbeit geben und Sie über Ihre Rechte in der Leiharbeit aufklären, damit Sie sich wenn notwendig wehren können! Bitte beachten Sie, dass diese Broschüre keine individuelle Beratung ersetzt, bei Fragen empfehlen wir Ihnen, mit einer Beratungsstelle Kontakt aufzunehmen. Die Kontaktdaten finden Sie am Ende der Broschüre.

# መእተዊ

**ናይ ልቓሕ ስራሕ (Leiharbeit) ሓደ ፍሉይ ዓይነት ስራሕ ኮይኑ ብዘመናዊ መልክዑ ኣብ ጀርመን ካብ 1960ታት ጀሚሩ። ካብ 1972 ኣብ ትሕቲ ሕጊ ምምሕልላፍ ሰራሕተኛታት (Arbeitnehmerüberlassungsgesetz) ብሕጋዊ መልክዕ ቆይሙ። ካብ ሽዑ ግዜ ኣትሒዙ ድማ ንዕኡ ዝምልከቱ ሕጋውያን ቅጥዕታት ብዙሕ ግዜ እናተቐያየሩ ክመጹ ጸኒሖም። ናይ ልቓሕ ስራሕ ብመሰረቱ ንግዝያዊ ኣድላይነት ናይ ስራሕ ዓቕሚ ሰብ ናይ ትካላት ብተዓጻጻፍነትን ብቕልጡፍ መንገዲን ኣማራጺ ንምሃብ ዝመጸ እዩ። እዚ ዓይነት ስራሕ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እውን እንተኾነ ኣብ ግብሪ ውዒሉ ይርከብ። ቁጽሪ ናይ ብልቓሕ ተላኢኾም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ።**

ብዙሓት ስደተኛታት ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ናይ ጀርመን ናይ ምእታው ዕድል ይረኽቡ ኣለው። ብፍላይ ድማ ኣብ ናይ ስራሕ ዘማጽኡ (ዘለቅሑ) ትካላት ቦታ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድላት ኣለዎም። ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ጀርመን ንምስራሕ ዘኽእሉ ቅድመ-ረቛሒታት፣ ካብ 2016 ኣትሒዙ፣ ሕቶ ዑቕባኦም ኣብ መስርሕ ንዘሎ ሰባት (Aufenthaltsgestattung ዘለዎም) ከምኡ'ውን ሕቶ ዑቕብኦም ንዝተነጽገ ሰባት (Duldung ዘለዎም) ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ ንኽነጥፉ ዘኽእሎም ባይታ ኣሎ። እዚ ኣቐዲሙ ኣይከኣልን ነይሩ።

ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ ብዙሕ ግዜ ውሕስነት ዘይብሉ ናይ ስራሕ ዝምድናታት ከምኡ'ውን ኣስጋኢ ኩነታት ናይ ስራሕ ከም ዘሎ ካብ ናይ ምምካር ተመክሮና ዝፍለጥ እዩ። ኣብ'ዚ ሓጺር ጽሑፍ መሰረታዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ልቓሕ ስራሕ ክንህብ ኢና። ብተወሳኺ፣ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ነብስኹም መታን ክትከላኸሉ ብዛዕባ መሰላትኩም ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ ክንገልጸልኩም ኢና። እዚ ጽሑፍ ንውልቃዊ ምምካር ዝትክእ ከም ዘይኮነ ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ። ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ድማ ምስ ሓደ ናይ ምኽሪ ማእከል ርክብ ክትገብሩ ንምሕጸነኩም። ሓበሬታ ብዛዕባ'ዚ ድማ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ክርከብ ይከኣል።

# Wichtige Infos auf einen Blick


- Wenn Sie als Leiharbeitnehmende*r tätig sind, unterschreiben Sie einen Vertrag mit einem Leiharbeitsunternehmen. Dies ist Ihr Arbeitgeber. Sie arbeiten allerdings in einem anderen Unternehmen. Dies ist der Einsatzbetrieb oder sogenannte Entleiher.
- Spätestens nach neun Monaten müssen Sie den gleichen Lohn bekommen wie die Kolleg*innen in Ihrem Betrieb, die die gleiche Arbeit machen wie Sie (Equal Pay Grundsatz).
- Sie können höchstens 18 Monate an einen Betrieb verliehen werden, dann muss der Einsatzbetrieb Sie übernehmen oder Sie müssen in einem anderen Betrieb eingesetzt werden.
- In der Leiharbeit haben Sie ein Arbeitszeitkonto, auf dem Plus- und Minusstunden gesammelt werden können.
- Gibt es in dem Betrieb, in dem Sie eingesetzt werden, keine Arbeit mehr, müssen Sie weiter von dem Leiharbeitsunternehmen bezahlt werden, auch wenn Sie gerade nicht woanders eingesetzt werden können. Einsatzfreie Zeit muss bezahlt werden!
- Der Branchenmindestlohn in der Leiharbeit steigt!
  → Siehe Tabelle am Ende des Dokuments.
- In der Leiharbeit gibt es zwei Tarifverträge, die zu beachten sind und die wichtige Regelungen zu Lohn und Urlaubstagen enthalten: abgekürzt DGB-iGZ und DGB-BAP.

# ሓፈሻዊ ኣገዳሲ ሓበሬታ

- ከም ሰራሕተኛታት ናይ ልቓሕ ስራሕ ትነጥፉ እንተ ኾይንኩም፣ ውዕል ምስ ሓደ ስራሕ ዘማጽእ ትካል (Leiharbeitsunternehmen) ክትፍርሙ ኢኹም። እዚ ሽዑ ልክዕ ኣስራሒኹም እዩ። ኣብ ካልእ ትካል ግና ተመዲብኩም ክትሰርሑ ኢኹም። እዚ ድማ ናይ ስራሕ ትካል (Einsatzbetrieb) ወይ ተለቃሒ (Entleiher) ተባሂሉ ይጽዋዕ።
- እንተ ደንጎየ ድሕሪ ትሸዓተ ኣዋርሕ ምስ'ቶም ኣብ'ቲ ትካል ከማኹም ማዕረ ስራሕ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ማዕረ ደሞዝ ክትክፈሉ ኣለኩም (መትከል ማዕርነት ደሞዝ)።
- ናብ ሓደ ትካል እንተ ነውሐ ን18 ኣዋርሕ ክትልቃሑ ትኽእሉ ኢኹም፣ ብድሕሪኡ እቲ ትሰርሕሉ ትካል ክቖጽረኩም ኣለዎ ወይ ናብ ካልእ ትካል ንስኹም ክትቅየሩ ኣለኩም።
- ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ፣ ናይ ስራሕ ሕሳብ ግዜ (Arbeitszeitkonto) ኣለኩም፣ ኣብኡ ኣወንታዊ ሰዓታት (Plusstunden) ከምኡ'ውን ኣሉታዊ ሰዓታት (Minusstunden) ተኣኪቦም ይርከቡ።
- ኣብ'ቲ ትነጥፍሉ ትካል ስራሕ እንተዘየለ፣ በቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ግድን ክትክፈሉ ኣለኩም ዋላ'ውን ኣብ ካልእ ቦታ ክትሰርሑ እንተ ዘይኪእልኩም። ኣብቲ ስራሕ ዘይብሉ እዋን (Einsatzfreie Zeit) ግድን ክትክፈሉ ግቡእ እዩ!
- እቲ ዝተሓተ ደሞዝ ኣብ ጨንፈር ናይ ልቓሕ ስራሕ ወሲኹ ኣሎ!
- ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ ክልተ ናይ ምውጋይ ውዕላት (Tarifverträge) ኣለው። እዚኦም ውዕላት ግቡእ ምስትውዓል ክግበረሎም ኣለዎም። ኣገደስቲ ሕጋጋት ብዛዕባ ደሞዝን መዓልትታት ዕረፍትን የጠቓልሉ፦ ብኣሕጽሮተ ቃል DGB-iGZ ከምኡ'ውን DGB-BAP ተባሂሎም ይጽውዑ።


# Was ist Leiharbeit?

Leiharbeit ist eine bestimmte Form der Beschäftigung. Das Besondere ist, dass das Leiharbeitsunternehmen, mit dem Sie einen Vertrag schließen, und das Unternehmen, in dem Sie arbeiten (eingesetzt sind) nicht gleich sind. Das Leiharbeitsunternehmen selbst hat also Verträge mit unterschiedlichen Unternehmen (**Einsatzbetrieben** oder **Entleihern**) geschlossen, an das Angestellte verliehen werden. Eine andere Besonderheit ist, dass das Leiharbeitsunternehmen Sie nur für eine bestimmte Zeit an den Einsatzbetrieb verleiht. Der Zeitraum, für den Sie für einen Entleiher arbeiten, kann sehr unterschiedlich sein. Das bedeutet, dass Sie als Leiharbeitnehmende*r vom Leiharbeitsunternehmen phasenweise an unterschiedliche Unternehmen verliehen werden können und somit in unterschiedlichen Betrieben arbeiten.




# ናይ ልቓሕ ስራሕ እንታይ እዩ፧

ናይ ልቓሕ ስራሕ ሓደ ፍልይ ዝበለ ዓይነት ስራሕ እዩ። ፍሉይ ዝገብሮ ድማ እቲ ምሳኹም ውዕል ዝኸተመ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ምስቲ ተዋፊርኩም ትሰርሕሉ ትካል ሓደ ስለ ዘይኮነ እዩ። እዞም ስራሕ ዘማጽኡ ትካላት ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት (**ናይ ስራሕ ትካላት** ወይ **ተለቃሕቲ**) ናብኦም ሰራሕተኛታት ዘለቅሕ ውዕላት ኣለዎም። ካልእ ፍሉይ ዝገብሮ ድማ እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ናብቲ ትሰርሕሉ ትካል ንዝተወሰነ ግዜ ጥራይ'ዩ ዝልእከኩም። እቲ ንሓደ ተለቃሒ ትሰርሕሉ ገደብ ግዜ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ስራሕ ውሑዳት መዓልትታት ዋላ'ውን ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ድማ፣ እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል በብመድረኹ ናብ ዝተፈላለዩ ትካላት ከለቃሓኩም/ክልእከኩም ይኽእል እዩ። በዚ መሰረት ንስኻትኩም ከም ናይ ልቓሕ ሰራሕተኛታት መጠን ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ክትሰርሑ ኢኹም።



# Gibt es einen Unterschied zwischen Leiharbeit, Zeitarbeit und Arbeitnehmerüberlassung?

**Nein. Es gibt keinen Unterschied zwischen “Leiharbeit”, “Zeitarbeit” und “Arbeitnehmerüberlassung”. Das sind lediglich unterschiedliche Begriffe, die aber das gleiche meinen.**

**Wichtig!** Leiharbeit bedeutet nicht Arbeitsvermittlung. Das Ziel der Arbeitsvermittlung ist es, Arbeitnehmende in ein Unternehmen zu vermitteln, in dem er oder sie angestellt wird. Zwischen der vermittelnden Agentur und der arbeitsuchenden Person kommt kein Arbeitsvertrag zustande. Bei der Leiharbeit hingegen, sind Arbeitnehmende bei einem Arbeitgeber angestellt und werden lediglich in unterschiedlichen Unternehmen zeitlich begrenzt eingesetzt.

# ፍልልይ ኣብ መንጎ ናይ ልቓሕ ስራሕ (Leiharbeit)፣ ግዝያዊ ስራሕ (Zeitarbeit) ከምኡውን ምምሕልላፍ ስራሕተኛታት (Arbeitnehmer-überlassung) ኣሎ'ዶ፧

**የለን። ፍልልይ ኣብ መንጎ "ናይ ልቓሕ ስራሕ"፣ "ግዝያዊ ስራሕ፣ "ምምሕ ልላፍ ሰራሕተኛታት" የለን። እዚኦም ዝተፈላለዩ ኣስማት ኮይኖም፣ ትርጉሞም ግን ሓደ እዩ።**

**ኣገዳሲ!** ናይ ልቓሕ ስራሕ ማለት ምምሕልላፍ ስራሕ (Arbeitsvermittlung) ኣይኮነን። ዕላማ ምምሕልላፍ ስራሕ ንሰራሕተኛታት ናብ ክሰርሕሉ ዝኽእሉ ትካል ምምሕልላፍ እዩ። ኣብ መንጎ ኣመሓላለፍቲ ስራሕን ስራሕ ዝደልዩ ሰባትን ውዕል ስራሕ ኣይግበርን እዩ። ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ ግና እቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ሓደ ኣስራሒ/ት ብምዱብ ተቖጺሮም ይሰርሑ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ንዝተወሰነ ግዜ ንኽሰርሑ ይዋፈሩ።

# Wie ist Leiharbeit gesetzlich geregelt?

Regelungen zur Leiharbeit kann man in unterschiedlichen Quellen finden. Gesetzliche Regelungen gibt es in dem **Arbeitnehmerüberlassungsgesetz** (AÜG). Hier sind wichtige Fragen zur Leiharbeit geregelt, unter anderem unter welchen Voraussetzungen ein Verleihunternehmen die Erlaubnis zur Arbeitnehmerüberlassung bekommt.

Darüber hinaus regeln **Tarifverträge** in der Leiharbeit grundlegende Arbeitsbedingungen wie zum Beispiel Lohn und Urlaubstage. Es ist also wichtig zu wissen, welcher Tarifvertrag in dem eigenen Arbeitsverhältnis angewendet wird. Bei Fragen hierzu wenden Sie sich an eine Faire Integration Beratungsstelle.

# ናይ ልቓሕ ስራሕ ብኸመይ ሕጋዊ ኣገባብ ይሰርሕ፧

ሕግታት ናይ ልቓሕ ስራሕ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጬታት ክርከቡ ይኽእሉ እዮም። ንዕኡ ዝምልከቱ ሕግታት ኣብ **ሕጊ ምምሕልላፍ ሰራሕተኛታት** ይርከቡ። ኣብኡ ኣገደስቲ ሕቶታት ብዛዕባ ናይ ልቓሕ ስራሕ ብሕጋዊ መልክዕ ቀሪቦም ኣለው። ንኣብነት ሓደ ስራሕ ዘማጽእ ትካል በየኖት ረቛሒታት ኣቢሉ ፍቓድ ምምሕልላፍ ሰራሕተኛታት ከም ዝወሃብ ኣብኡ ተገሊጹ ይርከብ።

ብዘይካ'ዚ፣ **ናይ ምውጋይ ውዕላት** (Tarifverträge) መሰረታውያን ኩነታት ናይ ስራሕ ንኣብነት ደሞዝን መዓልትታት ዕረፍትን ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ የመሓድሩ። ኣየናይ ናይ ምውጋይ ውዕል ኣበየናይ ስራሕ ከም ዝጠቅም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ንሓደ ማእከል ምኽሪ ናይ Faire Integration (ፍትሓዊ ምውህሃድ) ተወከሱ።

# Was ist ein Tarifvertrag und wann gilt dieser?

Ein Tarifvertrag ist ein Vertrag zwischen einer Firma und der **Gewerkschaft** („Haustarifvertrag“) oder der Arbeitgebervereinigung einer bestimmten Branche und der Gewerkschaft („Branchentarifvertrag“) über die Arbeitsbedingungen wie zum Beispiel den Lohn oder die Urlaubstage.

**Rahmen-** oder **Manteltarifverträge** sind Vereinbarungen, die grundsätzliche Arbeitsbedingungen für alle Arbeitnehmerinnen und Arbeitnehmer in einer Branche regeln. **Lohn-** oder **Gehaltstarifverträge** regeln die Bezahlung für eine bestimmte Firma oder Branche.

Für Ihr Arbeitsverhältnis gilt ein Tarifvertrag, wenn Sie Mitglied in der Gewerkschaft sind und Ihr Arbeitgeber Mitglied im Arbeitgeberverband ist und die Gewerkschaft und der Arbeitgeberverband einen Tarifvertrag ausgehandelt haben. Ein Tarifvertrag gilt auch, wenn ein Hinweis dazu in Ihrem Arbeitsvertrag steht oder Ihr Arbeitgeber zu einer Branche gehört, in der **allgemeinverbindliche Tarifverträg**e gelten (z.B. Gebäudereinigung, Sicherheitsdienstleistungen und weitere).

In der Leiharbeit gibt es zwei verschiedene Tarifverträge: BAP/DGB und iGZ/DGB. Die meisten Leiharbeitsunternehmen wenden einen dieser Tarifverträge an. Fragen Sie bei der Beratungsstelle Faire Integration nach, ob ein Tarifvertrag für Sie gilt.

# ናይ ምውጋይ ውዕል እንታይ እዩ ከምኡ‘ውን መዓስ‘ከ ይሰርሕ፧

ናይ ምውጋይ ውዕል ኣብ መንጎ ሓደ ትካልን **ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበርን** (Haustarifvertrag) ወይ ኣብ መንጎ ማሕበር ኣስራሕቲ ናይ ሓደ ውሱን ጨንፈርን ማሕበር ሰራሕተኛታትን (Branchentarifvertrag) ዝግበር ውዕል እዩ። እዚ ውዕል ብዛዕባ ኩነታት ስራሕ ንኣብነት ደሞዝ ወይ መዓልትታት ዕረፍቲ የጠቓልል።

**ሓፈሻውያን ናይ ምውጋይ ውዕላት** (Rahmentarifverträge) ወይ **ንንውሕ ዝበለ ግዜ ዝኸዱ ናይ ምውጋይ ውዕላት** (Manteltarifverträge) ንመሰረታውያን ኩነታት ስራሕ ናይ ኣብ ሓደ ጨንፈር (ቁጠባዊ ጽላት) ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ዘመሓደሩ ስምምዓት እዮም። **ናይ ደሞዝ/ማሃያ ምውጋይ ውዕላት** (Lohn/Gehaltstarifverträge) ንምኽፋል ደሞዝ ናይ ሓደ ዝተወሰነ ትካል ወይ ጨንፈር የመሓድሩ።

ኣባላት ማሕበር ሰራሕተኛታት እንተ ኾይንኩም ከምኡ‘ውን ኣስራሒኹም ኣባል ማሕበር ኣስራሕቲ እንተ ኾይኑ ከምኡ‘ውን እቲ ናትኩም ማሕበር ሰራሕተኛታት ምስ‘ቲ ማሕበር ኣስራሕቲ ሓደ ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል ምስ ዝገብር፣ ኣብ‘ቲ ናይ ስራሕ ዝምድናታትኩም ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል ኣሎ ማለት እዩ። ብተወሳኺ፣ ሓደ ናይ ምውጋይ ውዕል ብቑዕ ዝኸውን ኣብ ውዕል ስራሕኩም ሓበሬታ ብዛዕባኡ ምስ ዝጥቀስ እዩ ወይ ኣስራሒኹም ኣብ ሓደ ጨንፈር ናይ **ንኹሉ ዝምልከቶ ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል** (allgemeinverbindliche Tarifverträge) ምስ ዝርከብ እዩ (ንኣብነት ጽላታት ናይ ጽሬት ህንጻታት፣ ውሕስነት ጸጥታዊ ኣገልግሎታት ከምኡ‘ውን ወዘተ)።

ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ ክልተ ዝተፈላለዩ ናይ ምውጋይ ውዕላት ኣለው፡- BAP/ DGB ከምኡ'ውን iGZ/DGB ተባሂሎም ይጽውዑ። መብዛሕትኦም ስራሕ ዘማጽኡ ትካላት ንሓደ ካብዚ‘ኦም ውዕላት ይጥቀምሎም እዮም። ሓደ ውዕል ምውጋይ ንዓኹም ዝምልከተኩም እንተኾይኑ ንማእከላት ምኽሪ Faire Integration ተወከሱ።

# Wofür ist der Einsatzbetrieb zuständig, wofür das Leiharbeitsunternehmen?

Der Arbeitsvertrag gilt zwischen Ihnen und dem Leiharbeitsunternehmen. Somit übernimmt das Leiharbeitsunternehmen die üblichen Pflichten eines Arbeitgebers:

1. **Lohn:** Sie bekommen Gehalt vom Leiharbeitsunternehmen.
2. **Urlaub:** Wieviel Urlaub Sie haben, ist im Arbeitsvertrag oder im Tarifvertrag geregelt. Wenn Sie Urlaub beantragen möchten, so müssen Sie den Antrag immer beim Leiharbeitsunternehmen stellen.
3. **Krankheit:** Wenn Sie krank werden, dann ist das Leiharbeitsunternehmen für die Lohnfortzahlung verantwortlich. Krankmelden müssen Sie sich deshalb auch auf jeden Fall beim Leiharbeitsunternehmen.
4. **Unfall:** Wenn ein Arbeitsunfall passiert, müssen Sie das dem Leiharbeitsunternehmen melden. Wenn Sie wegen des Unfalles nicht arbeiten können, dann ist das Leiharbeitsunternehmen weiter für die Zahlung Ihres Lohns zuständig.

Es kommt kein Vertrag zwischen Ihnen und dem Entleiher/Einsatzunternehmen zustande. Aber: Solange Sie in einem bestimmten Einsatzunternehmen arbeiten, sind Sie an die Weisungen des Betriebes gebunden. Das heißt, der Einsatzbetrieb gibt Ihnen Anweisungen, wie Sie die Arbeit am Arbeitsplatz ausführen müssen und gibt die genauen täglichen Arbeitszeiten vor.

**Wichtig:** Sie können sich bei Fragen oder Problemen im Betrieb an den Betriebsrat wenden, wenn es einen gibt. Das kann sowohl der Betriebsrat in Ihrer Leiharbeitsfirma als auch der Betriebsrat in Ihrem Einsatzbetrieb sein.

# ናይ ስራሕ ትካል ከምኡ'ውን ስራሕ ዘማጽእ ትካል ነፍሲ-ወከፎም ንምንታይ እዮም ተሓተቲ፧

እቲ ዝፍረም ውዕል ስራሕ ኣብ መንጎኹምን እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካልን ጥራይ እዩ ዝሰርሕ። ስለ'ዚ እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ነቶም ልሙዳት ግዴታት ናይ ኣስራሕቲ ይስከም፡-

1. ደሞዝ፡- ደሞዝ ካብ'ቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ኢኹም ትቕበሉ።
2. ዕረፍቲ፡- ክንደይ ዕረፍቲ ከም ዘለኩም ኣብ'ቲ ውዕል ስራሕ ወይ ኣብ'ቲ ናይ ምውኃይ ውዕል ተጠቒሱ ኣሎ። ዕረፍቲ ክትጠልቡ እንተ ደሊኹም እቲ መሕትት (Antrag) ናብ'ቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ክተቕርቡ ኣለኩም።
3. ሕማም፡- እንተ ሓሚምኩም እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ነቲ ቀጻሊ ምኽፋል ናይ ደሞዝ ተሓታቲ እዩ። ስለ'ዚ ኣብ ዝሓመምኩምሉ እዋን ነቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ናይ ግድን ክትሕብሩ ኣለኩም።
4. ሓደጋ፡- ናይ ስራሕ ሓደጋ እንተ ኣጋጢሙ ነቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ክትሕብሩዎ ኣለኩም። ብሰንኪ ሓደጋ ክትሰርሑ እንተ ዘይክኢልኩም እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ንቐጻልነት ምኽፋል ናይ ደሞዝኩም ሓላፍነት ይስከም።

ውዕል ኣብ መንጎኹምን እቲ ተለቃሒ ወይ ናይ ስራሕ ትካልን ኣይክግበርን እዩ። ኣብ ሓደ ውሱን ትካል ትሰርሑ ክሳብ ዘለኹም ግና መምርሒታት ናይቲ ትካል ክትክተሉ ግዴታ ኣለኩም። እዚ ማለት ድማ እቲ ኣብ ስራሕ ተዋፊርኩምሉ ዘለኹም ትካል እቲ ስራሕ ብኸመይ ከም ዝካየድ መምሪሕታት ከምኡ'ውን መዓልታዊ ሰዓታት ናይ ስራሕ ብንጹር ይህብ።

# Was ist ein Arbeitszeitkonto und wie funktioniert es?

Das **Arbeitszeitkonto** (AZK) ist typisch für die Leiharbeit. In Ihrem Arbeitsvertrag steht, wie viele Stunden Sie in der Woche arbeiten müssen. In manchen Einsatzbetrieben wird jedoch mehr oder weniger gearbeitet oder manchmal werden Überstunden gemacht. Dafür gibt es ein Arbeitszeitkonto. Wenn in einem Arbeitsvertrag 35 Arbeitsstunden pro Woche vereinbart sind und Sie z.B. 40 Stunden im Betrieb arbeiten, dann werden Ihnen 35 Stunden ausbezahlt und 5 Stunden auf dem Arbeitszeitkonto gutgeschrieben. Diese Stunden werden **Plusstunden** genannt. Es gibt auch **Minusstunden**, wenn weniger gearbeitet wird als vereinbart.

Wenn Sie Plusstunden gesammelt haben, können Sie einen **Freizeitausgleich** vereinbaren. Das muss vorher mit der Leiharbeitsfirma abgeklärt werden. Wenn der Vertrag endet, dann müssen die Plusstunden ausbezahlt werden. Genauere Informationen zum Arbeitszeitkonto stehen im Tarifvertrag.

**Wichtig!** Die Leiharbeitsfirma kann Sie nicht zwingen, ihre Plusstunden abzubauen, weil kein Einsatzbetrieb für Sie gefunden wurde.

**Achtung:** Hinweise zu Stunden auf Ihrem Arbeitszeitkonto finden Sie häufig auf Ihrer **Lohnabrechnung** (unter AZK-Std. oder Zeitkonto). In manchen Fällen händigt der Arbeitgeber monatlich separate Übersichten über das Arbeitszeitkonto aus.

# ናይ ስራሕ ሕሳብ ግዜ እንታይ እዩ ከምኡ'ውን ብኸመይ ይሰርሕ፧

**ናይ ስራሕ ሕሳብ ግዜ** (Arbeitszeitkonto) ንስራሕ ዘማጽኡ ትካላት ልሙድ እዩ። ክንደይ ሰዓታት ኣብ ሰሙን ክትሰርሑ ከም ዘለኩም ኣብቲ ውዕል ስራሕ ተጻሒፉ ይርከብ። ኣብ ገለ ናይ ስራሕ ትካላት ዝያዳ ወይ ውሑድ ሰዓታት ስራሕ ይዕመም እዩ። ኣብ ገለ እዋን ድማ ሕላፍ-ሰዓታት (ልዕለ-ሰዓታት) (Überstunden) ይስራሕ እዩ። ነዚ ብዝምልከት ድማ ናይ ስራሕ ሕሳብ ግዜ ኣሎ። ኣብ ሓደ ውዕል ስራሕ 35 ሰዓታት ስራሕ ኣብ ሰሙን እንተ ተወዲቡ ከምኡ'ውን ንስኹም ንኣብነት 40 ሰዓታት ኣብቲ ትካል እንተ ሰሪሕኩም፣ ንዓኹም ናይ 35 ሰዓታት ስራሕ ክኸፈለኩም እዩ ከምኡ'ውን እቲ 5 ሰዓታት ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ ሕሳብ ግዜ ክምዝገብ እዩ። እዞም ሰዓታት **ኣወንታዊ ሰዓታት** (Plusstunden) እዮም ዝበሃሉ። ካብ'ቲ ስምምዕ ዝተገብረሉ ዝወሓደ እንተ ዝስራሕ ነይሩ ከኣ **ኣሉታዊ ሰዓታት** (Minustunden) ተባሂሎም ይጽውዑ።

ኣወንታዊ ሰዓታት እንተ ኣኪብኩም **ናይ ዕረፍቲ ካሕሳ** (Freizeitausgleich) ንኽትረኽቡ ክትሰማምዑ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኣቐዲሙ ምስ'ቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ክጻረ ኣለዎ። እቲ ውዕል ግዜኡ ምስ ኣኽተመ ድማ እቶም ኣወንታዊ ሰዓታት ክኽፈሉ ኣለዎም። ዝያዳ ሓበሬታታት ብዛዕባ ናይ ስራሕ ሕሳብ ግዜ ኣብ ናይ ምውጋይ ውዕል ተጻሒፎም ይርከቡ።

**ኣገዳሲ!** ክትሰርሕሉ እትኽእሉ ትካል ስለ ዘይተረኸበ፣ እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ነቲ ዝኣከብክምዎ ኣወንታዊ ሰዓታት ስራሕ ከጉድሎ ከገድደኩም ኣይክእልን እዩ።

**ኣስተውዕሉ፦** ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ስራሕ ሕሳብ ግዜ ብዙሕ ግዜ ኣብቲ **ቅብሊት ናይ ደሞዝ** (Lohnabrechnung) ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም (ኣብ ትሕቲ AZK-Std. ወይ Zeitkonto)። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ኣስራሕቲ ሓደ ዝተፈለየ ሰነድ ናይ ስራሕ ሕሳብ ግዜ ክህቡ ይኽእሉ እዮም።

## Was passiert, wenn der Arbeitgeber mir keinen Einsatzbetrieb zuweist?

Wenn Ihr Einsatz in einem Betrieb endet und Sie von Ihrem Arbeitgeber nicht in einem anderen Betrieb eingesetzt werden, dann nennt man das „**einsatzfreie Zeit**“.

In der einsatzfreien Zeit werden angesammelte Stunden auf dem Arbeitszeitkonto nur abgebaut, wenn Sie das vorher mit dem Leiharbeitsunternehmen vereinbart haben. Einsatzfreie Zeit ist somit etwas Anderes als Freizeit. Einsatzfreie Zeit kann auch nicht ohne Absprache als Minusstunden von Ihrem Arbeitszeitkonto abgebucht werden.

Einsatzfreie Zeit muss bezahlt werden, das heißt Sie bekommen weiterhin Ihren Lohn, obwohl Sie gerade in keinem Betrieb arbeiten. Sie müssen aber erreichbar sein, für den Fall, dass das Leiharbeitsunternehmen ein neues Einsatzunternehmen für Sie gefunden hat. Auch als Leiharbeitnehmende*r gibt es Anspruch auf Urlaub. Dieser darf nicht vom Arbeitgeber in der einsatzfreien Zeit angewiesen werden.

## ሓደ ኣስራሒ/ሓንቲ ኣስራሒት ኣብ ናይ ስራሕ ትካል ክምድቡኒ እንተ ዘይክኢሎም፡ እንታይ የጋጥም፧

ስራሕኩም ኣብ ሓደ ኩባንያ እንተ ኣብቂዑ ከምኡ ድማ ብኣስራሒኹም ወይ ብኣስራሒትኩም ናብ ካልእ ትካል ንኽትሰርሑ እንተ ዘይተመዲብኩም፣ እዚ **"ካብ ስራሕ ናጻ ዝኾነ ግዜ"** (einsatzfreie Zeit) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ቅድሚ ሕጂ ዝተኣከቡ ሰዓታት ስራሕ ኣብ'ቲ ስራሕ ዘይብሉ እዋን ክጎድሉ ዝኽእሉ ኣቐዲምኩም ምስ'ቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል እንተ ተሰማሚዕኩም ጥራይ እዩ። ስለዚ እዚ ስራሕ ዘይብሉ እዋን ካብ ዕረፍቲ ዝተፈለየ እዩ። ስራሕ ዘይብሉ እዋን ኣቐዲሙ ዝርርብ ከይተገብረ ከም ኣሉታዊ ሰዓታት ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ ግዜ ሕሳብ ክምዝገብ ኣይክእልን እዩ።

እቲ ስራሕ ዘይብሉ እዋን ግድን ክኽፈል ኣለዎ፣ እዚ ማለት ድማ ደሞዝኩም ክትክፈሉ ግቡእ'ዩ ዋላ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ዝኾነ ትካል ኣይትስርሑ። ምናልባት እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ክትሰርሕሉ እትኽእሉ ሓድሽ ትካል ክረኽበልኩም ስለ ዝኽእል ግና ኩሉ ግዜ ድልዋት ኬንኩም ክትርከቡ ኣለኩም (ክትጠፍኡ የብልኩምን)። ከም ሰራሕተኛታት ናይ ልቓሕ ስራሕ መሰል ዕረፍቲ እውን ኣለኩም። እዚ ዕረፍቲ ብኣስራሒኹም/ ኣስራሒትኩም ኣብ'ቲ ስራሕ ዘይብሉ እዋን ክወራረድ ኣይፍቀድን እዩ።

## Wie lange kann ich in einem Einsatzbetrieb eingesetzt werden?

In der Leiharbeit gibt es eine sogenannte **Höchstüberlassungsdauer**. Die legt fest, wie lange Sie höchstens in einem Einsatzunternehmen arbeiten dürfen. Leiharbeiterinnen und Leiharbeiter dürfen nicht länger als 18 Monate im gleichen Betrieb eingesetzt werden. Außer in einem Tarifvertrag wurde geregelt, dass der Leiharbeiter oder die Leiharbeiterin länger als 18 Monate in einem Betrieb bleibt, dann ist das rechtlich möglich.

Danach muss der Einsatz in dem Betrieb beendet werden und Sie können als Leiharbeiterin oder Leiharbeiter in einem anderen Betrieb eingesetzt werden. Allerdings können Sie nach 3 Monaten Wartezeit wieder in dem Betrieb eingesetzt werden, wo Sie vorher schon für 18 Monate gearbeitet haben. Der Entleiher kann Sie aber auch nach 18 Monaten (oder auch schon früher) in seinem Unternehmen fest anstellen.


## ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ትካል ንኽንደይ ግዜ ክሰርሕ ይኽእል፧

ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ ሓደ **ዝለዓለ እዋን ናይ ስራሕ ምምሕልላፍ** (Höchstüberlassungsdauer) ዝበሃል ኣሎ፡- እዚ ከኣ ንኽንደይ ግዜ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ትካል ክትሰርሑ ከም ዝፍቀደልኩም ይውስን። ሰራሕተኛታት ናይ ልቓሕ ስራሕ ዝያዳ 18 ኣዋርሕ ኣብ ሓደ ትካል ንኽሰርሑ ኣይፍቀድን እዩ። እቲ/እታ ሰራሕተኛ ናይ ልቓሕ ስራሕ ዝያዳ 18 ኣዋርሕ ኣብ ሓደ ትካል ንኽሰርሑ ኣብ ሓደ ናይ ምውጋይ ውዕል እንተ ተሰሪዑ ግን ብሕጋዊ ዓይኒ ይከኣል እዩ።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ስራሕ ኣብ'ቲ ትካል መዛዘሚ ክግበረሉ ኣለዎ። በዚ ድማ ከም ሰራሕተኛታት ናይ ልቓሕ ስራሕ ኣብ ካልእ ትካል ተዋፊርኩም ንኽትሰርሑ ክትክእሉ ኢኹም ማለት እዩ። ን3 ኣዋርሕ ግዜ ምስ ተጸበኹም ድማ ኣብ'ቲ ን18 ኣዋርሕ ኣቐዲምኩም ዝሰራሕኩምሉ ትካል ከም እንደገና ስራሕ ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ተለቃሒ ግና ድሕሪ 18 ኣዋርሕ (ዋላ ውን ቅድሚኡ) ኣብ ትካሉ ብምዱብ ከስርሓኩም ተኽእሎ ኣሎ።

# Wieviel Lohn bekomme ich?

In der Leiharbeit gibt es einen Mindestlohn, der nicht unterschritten werden darf. Wenn Sie in eine Branche verliehen werden, in der ein allgemeinverbindlicher Branchenmindestlohn gilt, muss dieser gezahlt werden.



| Deutschland | |
| --- | --- |
| 01.10.22-31.03.23 | **12,43 Euro** |
| 01. 04.23-31.12.23 | **13,00 Euro** |
| ab 01.01.24 | **13,50 Euro** |


In den Tarifverträgen gibt es bestimmte Lohngruppen, die bestimmten Tätigkeiten zugeordnet sind. Für bestimmte Tätigkeiten müssen Sie einen höheren Lohn erhalten. Es ist wichtig, direkt in der richtigen Lohngruppe eingruppiert zu sein.

**Wichtig**: Es kommt vor, dass Ihr Arbeitgeber Sie in eine geringere Lohngruppe einstuft als eigentlich korrekt ist. Informieren Sie sich in Ihrer Gewerkschaft oder bei der Beratungsstelle von Faire Integration, ob sie in die richtige Lohngruppe eingestuft wurden.

**Im Jahr 2024 kann sich der Mindestlohn aufgrund von Tarifverhandlungen verändern.**

# ክንደይ ደሞዝ ክወስድ‘የ፧

ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ ዝተሓተ ደሞዝ ዝበሃል ኣሎ፡ ደሞዝ ካብኡ ዝትሕት ክኸውን የብሉን ማለት እዩ። ኣብ ሓደ ጨንፈር ናይ ብግዴታ ንኹሉ ዝምልከቶ ናይ ምውጋይ ውዕል ብልቓሕ ክትሰርሑ እንተ ተመዲብኩም እውን እዚ ዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደሞዝ ክኽፈል ኣለዎ።



| **ጀርመን** | |
| --- | --- |
| 01.10.22-31.03.23 | **12,43 Euro** |
| 01. 04.23-31.12.23 | **13,00 Euro** |
| ካብ 01.01.24 | **13,50 Euro** |

ኣብ'ቶም ናይ ምውጋይ ውዕላት ደረጃታት ናይ ደሞዝ ኣለው። ንሳቶም ድማ ምስ ዝተወሰኑ ንጥፈታት ናይ ስራሕ ዝተኣሳሰሩ እዮም። ንገለ ካብ'ዞም ንጥፈታት ክብ (ልዕል) ዝበለ ደሞዝ ክወሃበኩም ኣለዎ። ኣብ ቅኑዕ ደረጃ ናይ ደሞዝ ብቐጥታ ክትኣትው ኣገዳሲ እዩ።

**ኣገዳሲ፦** ኣስራሒኹም/ ኣስራሒትኩም ኣብ ቅኑዕ ዘይኮነ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕት ዝበለ ደረጃ ክፍሊት ናይ ደሞዝ ክምድብኹም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ቅኑዕ ደረጃ ክፍሊት ናይ ደሞዝ ተመዲብኩም እንተ ኼንኩም ንምርግጋጽ ንናትኩም ማሕበር ሰራሕተኛታት ወይ ንማእከላት ምኽሪ Faire Integration ሕተቱ።

ኣብ ዓመተ 2024 እቲ ዝተሓተ ደሞዝ ብምኽንያት ናይ ምውጋይ ዘተ ክቕየር ይኽእል እዩ።

# Ist es in Ordnung, dass ich weniger verdiene als meine Kolleg*innen im gleichen Betrieb?

Normalerweise müssen Sie ab dem ersten Tag des Einsatzes in einem Betrieb den gleichen Lohn bekommen wie Angestellte in diesem Betrieb, die die gleiche oder eine ähnliche Arbeit machen (Grundsatz von **Equal Pay**). Auch sollen Sie zu den gleichen Arbeitsbedingungen (Überstunden, Pausen, Ruhezeiten, Nachtarbeit, Urlaub, etc.) arbeiten wie Ihre Kolleg*innen (Grundsatz von **Equal Treatment**). In einem Tarifvertrag kann allerdings etwas Anderes geregelt werden.

Somit ist es möglich, dass Sie weniger verdienen als Ihre Kolleg*innen im Einsatzbetrieb, wenn ein Tarifvertrag für Ihr Arbeitsverhältnis gilt. Für fast alle Leiharbeitnehmenden gilt ein Tarifvertrag, daher verdienen sie in den ersten 9 Monaten für die gleiche Arbeit oft weniger als ihre festangestellten Kolleg*innen. Wenn Sie länger als 9 Monate im gleichen Einsatzbetrieb arbeiten, müssen Sie danach per Gesetz genauso viel Lohn erhalten wie Ihre Kolleg*innen. Allerdings bleiben viele Leiharbeitnehmenden keine 9 Monate in einem Betrieb, daher greift diese Regel für sie nicht.

Der Zeitpunkt, wann die equal pay Regelung greift, kann durch Tarifverträge abweichend geregelt sein. Informieren Sie sich in einer Beratungsstelle von Faire Integration.

# ኣብ ሓደ ትካል ስራሕ ካብ'ቶም መሳርሕተይ ዝወሓደ ደሞዝ ክወሃበኒ ቅኑዕ ድዩ፧

ፈለማ መዓልቲ ስራሕ ኣብ ዝጀመርኩምሉ እዋን ምስ'ቶም ከማኹም ማዕረ ወይ ተመሳሳሊ ስራሕ ኣብቲ ትካል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ማዕረ ደሞዝ ክትክፈሉ ኣለኩም (**መትከል ማዕርነት ደሞዝ**)። ብተወሳኺ ኣብ ትሕቲ ማዕረ ኩነታት ናይ ስራሕ (ዓመታዊ ዕረፍቲ፣ ሓጸርቲ ዕረፍቲ ኣብ መንጎ ስራሕ፣ ናይ ህድኣት እዋን፣ ሕላፍ-ሰዓታት ስራሕ፣ ናይ ለይቲ ስራሕ ወዘተ) ከም መሳርሕትኹም ክትሰርሑ ኣለኩም (**መትከል ማዕርነታዊ ኣተሓሕዛ**)። እዚ ይኹን'ምበር ኣብ ሓደ ናይ ምውጋይ ውዕል ብኻልእ ሕጋዊ መልክዕ ክሰፍር ይኽእል እዩ።

ስለ'ዚ ነቲ ናትኩም ናይ ስራሕ ዝምድናታት ዝምልከት ናይ ምውጋይ ውዕል እንተሃልዩ፣ ካብ'ቶም ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ ትካል ዘለው ብጾትኩም ዝወሓደ ክትክፈሉ ትኽእሉ ኢኹም። ዳርጋ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ናይ ልቓሕ ስራሕ ዝምልከት ሓደ ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል ኣሎ። በዚ መሰረት ድማ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ቀዳሞት 9 ኣዋርሕ ካብ'ቶም መሳርሕትኹም ንተመሳሳሊ ስራሕ ዝወሓደ ደሞዝ ክትክፈሉ ኢኹም። ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ትካል ንልዕሊ 9 ኣዋርሕ እንተ ሰሪሕኩም፣ ልክዕ ከም'ቶም ናይ ስራሕ ብጾትኩም ብመሰረት ሕጊ ማዕረ ክትክፈሉ ኣለኩም። ብዙሓት ናይ ልቓሕ ሰራሕተኛታት ግና ትሽዓተ ኣዋርሕ ኣብ ሓደ ትካል ኣይጸንሑን እዮም። ስለ'ዚ እዚ ሕጊ ንዕኦም ኣይምልከቶምን እዩ።

ሕጊ ማዕርነት ደሞዝ መዓስ ከም ዝሰርሕ ብመንገዲ ናይ ምውጋይ ውዕል ብዝተፈለየ መልክዕ ክውሰን ይኽእል እዩ። ነዚ ብዝምልከት ንሓደ ማእከል ምኽሪ ናይ Faire Integration ተወከሱ።

# Kündigung in der Leiharbeit – Was muss ich wissen?

Bei Kündigungen müssen **Kündigungsfristen** eingehalten werden, das gilt auch für Leiharbeitnehmende.

Kündigungsfristen können sich aus dem Bürgerlichen Gesetzbuch, aus Tarifverträgen und aus dem Arbeitsvertrag ergeben. In der **Probezeit**, die in der Leiharbeit meist 6 Monate beträgt, sind die Kündigungsfristen häufig sehr kurz. Informieren Sie sich in einer Beratungsstelle!

Wenn Ihr Einsatz in einem Einsatzbetrieb endet und wenn Sie keine neue Arbeit zugewiesen bekommen, so heißt das nicht, dass Sie deswegen automatisch gekündigt werden können. Wenn Sie nicht verliehen werden, ist dies zunächst einsatzfreie Zeit und das Leiharbeitsunternehmen muss den Lohn weiterbezahlen, auch wenn Sie nicht eingesetzt sind und arbeiten. Dennoch wird Leiharbeitnehmenden oft wegen fehlenden Aufträgen gekündigt.

# ስንብታ ካብ ናይ ልቓሕ ስራሕ – ክፈልጦ ዝግበኣኒ እንታይ ኣሎ፧

ኣብ እዋን ምስንባት (ምውጻእ) ካብ ስራሕ **ናይ ስንብታ ገደብ እዋናት** (Kündigungsfristen) ክኽበሩ ኣለዎም። ናይ ስንብታ ገደብ እዋናት ካብ ሲቪላዊ ሕጊ፣ ናይ ምውጋይ ውዕል ከምኡውን ካብ ውዕል ስራሕ ክምንጬው ይኽእሉ እዮም። ኣብ'ቲ 6 ኣዋርሕ ናይ **መፈተኒ እዋን** (Probezeit) እቶም ናይ ስንብታ ገደብ እዋናት ብዙሕ ግዜ ኣዝዮም ሓጸርቲ እዮም። ብዛዕባ'ዚ ንሓደ ናይ ምኽሪ ማእከል ተወከሱ!

ዝተዋፈርኩምሉ ስራሕ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ትካል እንተ ኣብቂዑ፡ ናብ ሓድሽ ስራሕ ክትሰርሑ ድማ እንተ ዘይተመደብኩም፣ ብቐጥታ ካብ ስራሕ ክትሳናበቱ ኢኹም ማለት ኣይኮነን። ናብ ስራሕ ክትዋፈሩ ወይ ብልቓሕ ክትለኣኹ እንተ ዘይክኢልኩም ከም ስራሕ ዘይብሉ እዋን እዩ ዝቖጸር። ስለ'ዚ ዋላ ኣብ ስራሕ ኣይትመደቡ ወይ ኣይትስርሑ እቲ ስራሕ ዘማጽእ ትካል ደሞዝኩም ክኸፍለኩም ኣለዎ። ሰራሕተኛታት ናይ ልቓሕ ስራሕ ግና ብዙሕ ግዜ ብሰንኪ ስራሕ ዘይምህላው ካብ ስራሕ ክሰናበቱ ይረኣዩ እዮም።

# Quellen


BMAS (o. D.). Häufig gestellte Fragen zum Thema Leiharbeit und deren Antworten. Abgerufen von **www.bmas.de/DE/Themen/Arbeitsrecht/Leiharbeit-Werkvertraege/FAQ-Leiharbeit/faq-leiharbeit.html**

Bundeszentrale für politische Bildung (2014, 11. August). Leiharbeit / Zeitarbeit / Arbeitnehmerüberlassung. Abgerufen von **https://www.bpb.de/politik/innenpolitik/arbeitsmarktpolitik/317243/leiharbeit-arbeitnehmerueberlassung-zeitarbeit**

Deutscher Gewerkschaftsbund (2017, 20. April). Ratgeber Ungesicherte Beschäftigung, FAQ zu Leiharbeit/Zeitarbeit. Abgerufen von **www.dgb.de/themen/++co++847c6e4a-fc0d-11e5-a74a-52540023ef1a**

Zoll-Online (o. D.).  Zeitarbeit, Arbeitnehmerüberlassung. Abgerufen von **www.zoll.de/DE/Fachthemen/Arbeit/Zeitarbeit-Arbeitnehmerueberlassung/Voraussetzungen/voraussetzungen_node.html**


**BMAS** **DGB** **Zoll**

# ምንጭታት


ፈደራላዊ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራውነትን (ብዘይ ዕለት)። ብዛዕባ ናይ ልቓሕ ስራሕ ብተደጋጋሚ ዝቐርቡ ሕቶታት። ምንጪ ካብ፦ **www.bmas.de/DE/Themen/Arbeitsrecht/Leiharbeit-Werkvertraege/FAQ-Leiharbeit/faq-leiharbeit.html**

ፈደራላዊ ማእከል ፖሊቲካዊ ትምህርቲ (2014፣ 11 ነሓሰ)። ልቓሕ ስራሕ / ግዝያዊ ስራሕ / ምምሕልላፍ ሰራሕተኛታት።  ምንጪ ካብ፦ **https://www.bpb.de/politik/innenpolitik/arbeitsmarktpolitik/317243/leiharbeit-arbeitnehmerueberlassung-zeitarbeit**

ፈደረሽን ማሕበር ሰራሕተኛታት ጀርመን (2017፣ 20 ሚያዝያ)። ለጋሲ ምኽሪ ንዘይውሑስ ስራሕ፣ (ብተደጋጋሚ ዝቐርቡ ሕቶታት) ብዛዕባ ናይ ልቓሕ ስራሕ/ግዝያዊ ስራሕ። ምንጪ ካብ፦ **www.dgb.de/themen/++co++847c6e4a-fc0d-11e5-a74a-52540023ef1a**

ጉምሩክ-ኦንላይን (ብዘይ ዕለት)። ግዝያዊ ስራሕ፣ ምምሕልላፍ ሰራሕተኛታት። ምንጪ ካብ፦ **www.zoll.de/DE/Fachthemen/Arbeit/Zeitarbeit-Arbeitnehmerueberlassung/Voraussetzungen/voraussetzungen_node.html**


**BMAS** **DGB** **Zoll**

# Gewerkschaften

Für weitere Beratung können Sie sich an die zuständige Gewerkschaft wenden. Gewerkschaften in Deutschland sind Arbeitnehmerinnen- und Arbeitnehmervertretungen und unterstützen ihre Mitglieder in vielen Fragen. Sie haben in vielen Städten in Deutschland Büros, an die Sie sich wenden können. Hier finden Sie eine Übersicht über die einzelnen Gewerkschaften und Kontaktdaten:
**www.faire-integration.de/de/topic/104.gewerkschaften.html**

**Deutscher Gewerkschaftsbund Bundesvorstand (DGB-Bundesvorstand)**
Henriette-Herz-Platz 2,
10178 Berlin
Tel.: +49 30 24060-0
www.dgb.de

**IG Bauen-Agrar-Umwelt (IG BAU)**
Olof-Palme-Str. 19,
60439 Frankfurt/Main
Tel.: +49 69 95737-0
www.igbau.de

**IG Bergbau, Chemie, Energie (IG BCE)**
Königsworther Platz 6,
30167 Hannover
Tel.: +49 511 7631-0
www.igbce.de

**Eisenbahn- und Verkehrsgewerkschaft (EVG)**
Weilburger Str. 24,
60326 Frankfurt/Main
Tel.: +49 69 7536-236
www.evg-online.org

**Gewerkschaft Erziehung und Wissenschaft (GEW)**
Reifenberger Str. 21,
60489 Frankfurt/Main
Tel.: +49 69 78973-0
www.gew.de

**IG Metall (IG Metall)**
Wilhelm-Leuschner-Straße 79,
60329 Frankfurt/Main
Tel.: +49 69 6693-0
www.igmetall.de

**Gewerkschaft Nahrung-Genuss-Gaststätten (NGG)**
Haubachstr. 76,
22765 Hamburg
Tel.: +49 40 38013-0
www.ngg.net

**Gewerkschaft der Polizei (GdP)**
Bundesvorstand
Stromstraße 4, 10555 Berlin
Tel.: +49 30 399921-0
www.gdp.de

**Vereinte Dienstleistungsgewerkschaft (ver.di)**
Bundesverwaltung
Paula-Thiede-Ufer 10,
10179 Berlin
Tel.: +49 30 6956-0
www.verdi.de

# ማሕበራት ሰራሕተኛታት

ንተወሳኺ ኣገልግሎት ምኽሪ ንዝምልከቶ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበር ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ማሕበራት ሰራሕተኛታት ኣብ ጀርመን ወከልቲ ሰራሕተኛታት እዮም ከምኡ'ውን ንኣባላቶም ኣብ ብዙሓት ጉዳያት ሓገዝ የበርክቱ። ኣብ ብዙሓት ከተማታት ናይ ጀርመን ክትውከስዎም እትኽእሉ ኣብያተ-ጽሕፈታት ኣለዎም። ኣብ'ዚ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ማሕበር ሰራሕተኛታት ከምኡ'ውን ናይ መወከሲ ኣድራሻኦም ክትረኽቡ ኢኹም፦ **www.faire-integration.de/de/topic/104.gewerkschaften.html**

**ፈደራላዊ ፈጻሚ ሽማግለ ኮንፈደረሽን ማሕበራት ሰራሕተኛታት ጀርመን (DGB)**
Henriette-Herz-Platz 2,
10178 Berlin
ተለፎን.፦ +49 30 24060-0
www.dgb.de

**ማሕበር ህንጻ፣ ሕርሻን ኣከባብን (IG BAU)**
Olof-Palme-Str. 19,
60439 Frankfurt/Main
ተለፎን.፦ +49 69 95737-0
www.igbau.de

**ማሕበር ዕደና፣ ስነ-ቀመምን ጸዓትን (IG BCE)**
Königsworther Platz 6,
30167 Hannover
ተለፎን.፦ +49 511 7631-0
www.igbce.de

**ማሕበር ባቡርን መጐዓዝያን (EVG)**
Weilburger Str. 24,
60326 Frankfurt/Main
ተለፎን.፦ +49 69 7536-236
www.evg-online.org

**ማሕበር ኣተዓባብያን ስነ ፍልጠትን (GEW)**
Reifenberger Str. 21,
60489 Frankfurt/Main
ተለፎን.፦ +49 69 78973-0
www.gew.de

**ኢንዱስትሪያዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ሓጺን (IG Metall)**
Wilhelm-Leuschner-Straße 79,
60329 Frankfurt/Main
ተለፎን.፦ +49 69 6693-0
www.igmetall.de

**ማሕበር ኣገልግሎታት መግብን መስተን (NGG)**
Haubachstr. 76,
22765 Hamburg
ተለፎን.፦ +49 40 38013-0
www.ngg.net

**ማሕበር ፖሊስ (GdP)**
Bundesvorstand *(ፈደራላዊ ሽማግለ)*
Stromstraße 4, 10555 Berlin
ተለፎን.፦ +49 30 399921-0
www.gdp.de

**ውድብ ማሕበር ኣገልግሎታት (ver.di)**
Bundesverwaltung *(ፈደራላዊ ምሕደራ)*
Paula-Thiede-Ufer 10,
10179 Berlin
ተለፎን..፦ +49 30 6956-0
www.verdi.de

## Faire Integration Beratungsstellen:

Die Faire Integration Beratungsstellen sind in jedem Bundesland vertreten und können Sie bei Fragen zum Thema Leiharbeit oder anderen sozial- und arbeitsrechtlichen Fragestellungen beraten.

Hier finden Sie die Beratungsstellen von Faire Integration:
**www.faire-integration.de/beratungsstellen**

## ማእከላት ምኽሪ Faire Integration፦

ማእከላት ምኽሪ Faire Integration ኣብ መላእ ጀርመን ተወኪለን ይርከባ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ናይ ልቓሕ ስራሕ ወይ ብዛዕባ ሕቶታት ናይ ዕዮን ማሕበራውን መሰላት ምኽሪ ይልግሳ።

ቤት ምኽሪ ናይ ፌረ ኢንተግረሽን (Faire Integration) ኣብዚ ዝስዕብ ክርከቡ ይኽእሉ፡
**www.faire-integration.de/beratungsstellen**

# Impressum

**Herausgeber**
Projekt Support Faire Integration
DGB Bildungswerk BUND
Franz-Rennefeld-Weg 5
40472 Düsseldorf

**Redaktion**
Team Support Faire Integration

**Layout**
Gereon Nolte
Zentralstelle für die Weiterbildung im Handwerk (ZWH)

**Stand**
01.11.2022

Haftungsausschluss:
Die Informationen geben nur einen allgemeinen Überblick/Orientierung und stellen keine rechtsverbindliche Auskunft dar. Die gegebenen Informationen können eine (Rechts-)Beratung nicht ersetzen. Eine Gewähr für die jederzeitige Aktualität wird nicht übernommen.

# ሕጋዊ ሓበሬታ

**ኣሰናዳኢ**
Projekt Support Faire Integration
DGB Bildungswerk BUND
Franz-Rennefeld-Weg 5
40472 Düsseldorf

**ኣዳለውቲ**
Team Support Faire Integration

**ኣሰራርዓ**
Gereon Nolte
Zentralstelle für die Weiterbildung im Handwerk (ZWH)

**ደረጃ ዕለት**
01.11.2022

መብርሂ ተሓታትነት፡-
እዞም ሓበሬታታት ሓፈሻዊ መግለጺ/ኣንፈት ጥራይ እዮም ዝህቡ ከምኡ'ውን ቀያዲ ሕጋዊ ሓበሬታት ኣየመልክቱን እዮም። እዞም ዝተዋህቡ ሓበሬታታት (ንሕጋዊ) ምኽሪ ክትክኡ ኣይክእሉን እዮም። ነዚ ሓበሬታ ብቐጻሊ ንምሕዳሱ ውሕስነት የልቦን።

**Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ zielt auf die nachhaltige Verbesserung der Arbeitsmarktintegration von Erwachsenen mit Migrationshintergrund ab. Daran arbeiten bundesweit Landesnetzwerke, die von Fachstellen zu migrationsspezifischen Schwerpunktthemen unterstützt werden. Das Programm wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales (BMAS) und den Europäischen Sozialfonds (ESF) gefördert. Partner in der Umsetzung sind das Bundesministerium für Bildung und Forschung (BMBF) und die Bundesagentur für Arbeit (BA).**

"ምውህሃድ ብብቕዓት (IQ)" ዝበሃል ናይ ደገፍ ፕሮግራም ነቶም ናይ ስደት ድሕረ-ባይታ ዘለዎም እኹላት ሰባት ናብ ዕዳጋ ስራሕ ንምጽንባር ከምኡ'ውን ነዚ ብቐጻሊ ንምምሕያሽ ዕላማ ብምግባር ይሰርሕ። ኣብ ዛዕባ ስደተኛታት ብዘተኩራ ሞያውያን ማእከላት እናተሓገዘ ድማ ኣብ መላእ ጀርመን ይሰርሕ። እዚ ፕሮግራም ብመንገዲ ፈደራላዊ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራውነትን (BMAS) ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ማዕከን ኤውሮጳ (ESF) ዝምወል እዩ። ነዚ መደብ ኣብ ምትግባር ፈደራላዊ ሚኒስትሪ ትምህርትን ምርምርን (BMBF) ከምኡ'ውን ፈደራላዊ ትካል ዕዮ (BA) መሻርኽቲ እዮም።

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.

Bundesministerium für Arbeit und Soziales

ESF Europäischer Sozialfonds für Deutschland

Europäische Union

Zusammen. Zukunft. Gestalten.

In Kooperation mit:

Bundesministerium für Bildung und Forschung

Bundesagentur für Arbeit